# ኤርትራ

ኣንቲ ሃገር እንታይ`ዩ መዓቱ
ጉድ`ምበር ተረኺቡ ጠፊኡና ብልሓቱ
ጀጋኑ ሓርበኛታት ደቃ ዘይትፈቱ
ምእንቲ ሓቂ ንፍትሓዊ መሰላት ዝመከቱ
ንእስነቶም ዘይመነዉ ዕድመኦም ብሽዊቱ
ገለ ኣብ ስደት ገለ ኣብ ማሕቡስ እናመቱ
ለባማትኪ ትቐዝፊ እዋሕስ ዝብሉ ዝማጎቱ
ለኹመኛታት ተኤንግዲ ብሂወት ዝሻኾቱ
ሎምስ ፈሪሖልኪ ከይትጸንቲ ንምሽቱ

ሰራሕ ቅያ ኣይነብርን ቀልጢፉ ይሓልፍ
ናይ መን ተጻሒፉሞ ናይመን ከ ክተርፍ
ንተራኺ ይጭነቐ ኣዋዲዱ ጅግንነት ዘመሓላልፍ
ንጅግና ኮነ ንመደናገሪ ዘነጻጽር ዘይንሕፍ
መዓልቱ: ሰዓቱ: ቦታኡ ኣወሃሂዱ ዝጽሕፍ
ወይልኡ ጠቓሪ ኣብ መንጎኡ ተቐርቂሩ ዝተርፍ

ዓጽመ-ስጋኹም ሓመድ ዓዱ ጨኒቕዎ
ደምኩም ዝወሓዞ መሓውር ምልኪ ጋሪድዎ
ምድሪ ስዉኣት ኣራኺሱ ብሒቱ ሓዚእዎ
ንህዝብኹም ኣደንቂሩ ንድኽነት ኣሳጢሕዎ
ትሕለቑሉ ህዝቢ ኣጽቂጡ ከመይጌሩ ክርህዎ
ሞት ሓርበኛታት ደቁ ብማዕዶ ሰሚዕዎ
ወጊድ እምቢ ንምልኪ ክንዲ-ዝብል ዘዓልዎ
ንመቑሕ ምልኪ እሺ ሕራይ`ሉ ርዒምዎ

ሓርበኛ ርኻብ`ዩ መሰጋገሪ
ተባዕ`ወ ዘይጠልም ሕድሪ
በጃ ዝሓልፍ ንስለ-ኽብሪ
ታሪኽ ዝገድፍ መዘከሪ
ፍትሒ ዝሕላገቱ ርትዒ ዝዛሪ
በቃኞ ንሂወቱ ዘይምነ ዕምሪ

ሓርበኛ ኢዮብ ምስ ዝሓለፉ ይሕሸኒዶ ኢልካ
ድድሕሪ ዝቐደሙ ዓበይቲ ተባዓት ኣያታትካ
ከምኡውን ምስቶም ዝነእሱ መሳቱ ብጾትካ
ዘለኞለኞ ዘይትብል ርትዓዊት መሸቀኞካ
ዘይጸዓድ ሕላገቱ ዘይትብተኽ ቅናትካ

ሓቅኻ ሓርበኛ ኢዮብ ይኣኽለኒ ክትብል
እዋን ሓሲሙ ምፍንጫል በዚሑ ዕንክሊል
መስረብ ተጋድሎ ተዘሪጉ ኣትይዎ ሕምብሊል
ምፍንፋን ተቓለስቲ ሳዕሪሩ ተሳኢኑ ዘጥልል
ጉሒላ በዚሑ ብስቅያት ህዝቢ ዘሽካዕልል
ሓሶት እናፈሓሰ ዝሓባሉኞ ዘውደልድል
መስመር ተቓውሞ በታቲኹ ምልኪ ዘደልድል
ተቓሊሶም ዘቃለሱ ጠሊሙ ብሓሶት ዝብክል
ሓብሎኞሎኞ ጸሊእካ መሪጽካ ክትብል ክውል

ከምዚ ድዩ ኔሩ ውዕል ምስ ብዓልቲ ቤትካ
እው`ዛ ሓራስ ነብሪ ተዓጢቓ ዘዕጠቐትካ
ኣጆኻ እናበለት እትስሕል ኣእምሮኻ
ካብ ዝኾነ ዘይትተርፍ ተጋዲዛ ምሳኻ
ናይ ቃልሲ ብጸይቲ ሓብሓቢት ደቅኻ
ድርብ ሓላፍነት ኣሰኪምካያ ተፈሊኻ

በለስከ ሰማይነሽየ ድርብ ጾር ከኣልዮ
ቃልስ መናብርትኺ ቀደም ዝለመድክዮ
ወዮ ሓላል መማኽርትኽስ ንወትሩ ስኢንክዮ
ብዝርንዝሕ ቃራና ንብዓትኪ ተፋኒኽዮ

ወለዲ ሓርበኛ ኢዮብ ደበስ ኢዮብ ይደብስኩም
መቓልስቲ ብጾቱ ምስ ጽንዓትን ኒሕን ይግደፍኩም
ስማይነሽ ምስ ዕሽላት ደቅኺ ጽነዓት ይሃብኩም
ኣብ ርህዋን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ይሓውስኩም

ገብረሂወት ወልድሚካኤል
2010-01-01 ስቶክሆልም